መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# መሪሕነት እያሱ



ጸሓፊ :- Edward Hughes
ገላጺ :- Janie Forest
Alastair Paterson
ኣወሃሃዲ፣ Ruth Klassen

ትርጉም ፥ Daniel Efrem
ኣባዛሒ:- Bible for Children
www.M1914.org

BFC
PO Box 3
Winnipeg, MB R3C 2G1
Canada

©2020 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ። ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

ሙሴ ድማ ሞተ። እያሱ ድማ እምላኽ ንደቂ እስራኤል ክመርሕ ከምዝመርጾ ፈለጠ፡፡ እያሱ ቅድሚ ሰራዊት ምድላዉ፡ ንርእሱ ክዳሎ ነይርዎ።  ኣምላኽ ድማ ክሳዕ ንኣምላኽ ዝተኣዘዝዎ ዓወትን ብልጽግናን ከምዝህቦም ንእያሱ ቃል ኣተውሉ።





ደቂ እስራኤል ድማ
ንኣምልኽ ክእዘዙን
ንኢያሱ ድማ ክሰምዑ
ቃል ኣተዉ። ኢያሱ
ድማ ብጥበብ ንከንኣን
ዝስልዩ፡ ነቲ መእተዊኣን
ብዝሒ ሰራዊቶም፡
ኮታስ ኩሉ ከጽንዑ ናብ
ከተማ ያሪኮ ልኣኸ። ናይ
እስራኤላውያን ቀዳማይ
ውግእ ኣብኡ እዩ
ክኸውን።



ሓደ ሰብ ግን ንንጉስ ናይ ያሪኮ ሰለይቲ ናብ ከተማ ያሪኮ ከምዝኣተዉ ነገሮ። ንሱ ድማ ንወትሃደራቱ ክደልይዎም ልኣኾም። እቲ ምድላይ ድማ በቲ እቶም ሰለይቲ ዝነበርዎ፡ ብናይ ርሃብ ገዛ ጀመሩ፡፡ እቶም ወትሃደራት ኣብኡ ምስ በጽሑ ድማ ርሃብ ኣብ እንጣጢዕ ዝነበሮ ቦታ ሓብኣቶም።

እቶም ወትሃደራት ካብቲ
ገዛ ምስሓለፉ ድማ ርሃብ
ገመድ ገይራ ብመስኮት
ናብ ደገ እታ ከተማ
ኣውጻቶም። ስለምንታይ
ግን ርሃብ ነቶም ሰለይቲ
ኣዕቀኣባቶም? ምኽንያቱ
ንሳ ኣምላኽ ምሳቶም
ከምዘሎ ፈሊጣ ነበረት።
ንሳ ኣምላኽ ንሕይወታ
ካብ ሞት ከትርፉ ትደሊ
ነበረት። እቶም ሰለይቲ
ድማ ንዓኣን ንስድራን
ካብቲ ዝመጽእ ሞት
ከድሕንዋ ቃል ኣተዉላ።



ቅድሚ ናብ ያሪኮ ምብጽሖም ደቂ እስራኤል ብሩባ ዮርዳኖስ ክሓልፉ ነይርዎም። ግና ዋላሓንቲ ምሳገሪ ዝኮኖም ድልድል ኣይነበረን! ከመይ ገይሩ ግን እዚ ኩሉ ህዝቢ ክሳገር እዩ?



ኣምላኽ ድማ ንእያሱ እቶም ካህናት ነቶም ወተሃደራትን ነቲ ህዝብን፡ ነቲ ዓሰርተ ትእዛዛት ዝሓዘ ታቦት ተሰኪሞም ነቲ ጉዕዞ ክመርሑ ነገሮም። ልክዕ እቶም ካህናት እቲ ዝተህሉም ሒዞም ነቲ ናይቲ ሩባ ጫፍ ምስረገጹ፡ ኣምላኽ ተኣምራት ገበረ። ኣምላኽ ኣብቲ ማይ ንቁጽ መንገዲ ገበረ!።



ድሕሪ ኩሉ እቲ ህዝቢ ድማ ብሰላም ምሕላፉ፡ ዓሰርተ ክልተ ኣእማን ኣብ ውሽጢ እቲ ሩባ ዓሰርተ ክልተ ድማ ኣብ ጫፉ ኣቀመጡ። እዚ ድማ ንመዝከርታን መመሃሪ ዓበይቲ ትኣምራትን ፍቅሪ ኣምላኽን፡ ንደቆም እዩ።





ያሪኮ ድማ ዓበይትን
ድልዱላት መናድቕ ነበራ። 
ኣምላኽ ድማ ሓደ ሓለቓ
ሰራዊት ካብ ሰማይ፡ ንኢያሱ
ኣምላኽ ንህዝቡ ከም
ዝዋግኣሎምን ዓወት
ከምዝህቦምን ከዝክሮ
ልኣኾ፡ ኢያሱ ግና ካብ
ጸላቶም መሰሎ።



ኣምላኽ ድማ ንእያሱ ከትመይ ገይሩ ከምዝሰዕር ፍሉይ መደብ ነገሮ። እቶም ህዝቢ ኣምላኽ ሓንቲ ግዜ ኣብ መዓልቲ ንሽዱሽተ መዓልቲ፡ ሸውዓተ ድማ ኣብታ ሸውዓተ ምዓልቲ ነታ ከትማ ክዞራ ነበረ። ብድሕሪዚ ድማ መለኸት ክነፍሑን ክጭድሩን ነበረ። በዚ ድማ እቲ መናድቅ ምሉእ ብምሉእ ክወድቕ ማለት እዩ።

እያሱን ኩሎም ሰራዊቱን ድማ ልክዕ ከምቲ ኣምላኽ ዝበሎም ገበሩ። ምናልባሽ እቶም ኣብ ያሪኮ ዝቅመጡ ይስሕቅዎም ነይሮም ይኾኑ። ኣብታ ሻብዐይቲ ምዓልቲ ሻብዐይቲ ዙረት ድማ እቶም ካህናት መለኸት ምስ ነፍሑ፡ ከምቲ ኣምላኽ ዝበሎ ኮነ ... እቲ ዓበይቲ መናድቕ ናይ ያሪኮ ፈረሰ ! ! !









እታ ርሃብ ዝነበረታ ቤት ጥራይ ካብቲ
ምፍራስ ድሓነት። ንሳ ከምቲ ዝተብሃለቶ፡ ነቲ
እቶም ሰለይቲ ዘውረድትሉ ገመድ ኣብቲ ዝነበሮ
ኣንጠልጢላቶ ነበረት። ካብቶም ናይ እያሱ
ሰባት ድማ ቀልጢፎም ንርሃብን ንስድራኣን
ኣድሓኑ። ከትማ ያሪኮ ድማ ከምቲ
ኣምላኽ ዝበላ ጠቅላላ ፈርሳ ነበረት።



እያሱ ድማ ተጠንቂቑ ነቲ ኣዋርቕ፡
ብሩራትን ናብ በት እግዛብሐር ወሰዶ። ነታከተማ
ንከይትስራሕ ድማ ነታ ከተማ ዝሰርሓ ርጉም ይኹን
በለ። ኩሉ ኣብቲ ከባቢ ኣብ ከንኣን ዝነበረ ድማ
ብዝዕባ እቲ ኣያሱ ንያሪኮ ዝገበሮ ሰምዑ። በዚ ድማ
ኣምልኽ ምስ ህዝቡ ከምዘሎ ፈለጡ።

መሪሕነት እያሱ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

እያሱ 1-6

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፣130

መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና
ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና
ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና
ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እም ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣
እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም
ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን
ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
"ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ
ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም
ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን
ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ
ከኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ
ኣለኹ፣" ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3።16